አብ 2017 ዓ/ም ባጀት ዓመት ብቤት ማዘጋጃ ከተማ መረ- ሚኢቲ ንህዝብ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ማይ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ዕድጊት ክፍፅም ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 9, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 18, 2017 10:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መረ ሚኢቲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 18, 2017 10:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ቁፅሪ ቤ/ማ/ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/ 361/2017ዓ/ም

ዕለት 08/07 /2017 ዓ/ም

አብ 2017 ዓ/ም ባጀት ዓመት ብቤት ማዘጋጃ ከተማ መረ- ሚኢቲ ንህዝብ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ማይ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ዕድጊት ክፍፅም ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ሕጋውያን ነጋዶ ኣብቲ ጨረታ ክትወዳደሩ ብኽብሪ ንዕድም ።

በዚ መሰረት ነጋዶ ከማልኡዎ ዝግበኦም ረቋሕታት

1. በቢ ዘርፊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ኮይኑ ናይዚ ዓመት ንግዲ ፍቃድ ዝተሓደሰን ግብሪ ዝከፈለን ክከውን ኣለዎ።

2. ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ መቅረብቲ ምዝገባ ሴርቲፊኬት ከቅርብ ዝክእል ።

3. ንቫት ተመዝገብቲ እንተኮይኖም ናይ ወርሒ ጥሪ 2017ዓ/ም ዲክለር ዝገበርሉ ከቅርብ ዝክእልን።

4. መለለይ ግብሪ ቁፅሪ /ቲን ናምበር/ከቅርብ ዝክእል።

5. ተጫረቲ ናይዚ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 100(ሓደ ሚኢቲ ብር) ብምክፋል ካብ ከ/ስ/ል/እቶት ምውሳድ ይክእል።

6. ተጫረቲ ኣብ ናይ ማይ ንብረታት ጨረታ መክበሪ ጨረታ (ቢድ ቦንድ) 5000(ሓሙሽተ ሽሕ ብር ጥራሕ) በቢ ዘርፉ ብናይ ሲፒኦ ባንኪ ዝተረጋገፀ ወይ ካዓ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዝ ዝክእል።

7. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 08/07/2017 ዓ/ም ክሳብ 17/07/2017 ዓ/ም ሰነድ ጨረታ ምውሳድ ዝክኣል ኮይኑ ዕለት 17/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 10:00 ተዓሽጉ ብተመሳሳሊ ዕለት 17/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 10:30 ተጫረቲ ወይ ከዓ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይክፈት።

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ኦርጅናል ኣብ ሓደ ፖስታ ፣ኮፒ ኣብ ሓደ ፖስታ ነኒበይኑ ብምዕሻግ ጠቅላላ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብምጥቅላል ናብቲ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ይኣቱ።

9. ናይ ተጫረቲ ሙሉእ ኣድራሻ፣ማህተም፣ፊርማ፣ክህልዎ ኣለዎ። ብተወሳኪ ድማ ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ኦርጀናል ምስ ፎቶ ኮፒ ሰርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን እዚ ንዝገበረ ተጫራቲ እቲ ጨረታ ተቀባልነት የብሉን።

10. እቲ ፖስታ አብ ላዕሊ ብማርከር ዓይነት ዝተገዝአ ሰነድ ክፃሓፈሉ ክክእል አለዎ ።

11. ቤት ፅሕፈተና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

12. ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0988737923/0941467518 ደዊልኩም ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle